# ምውህሃድ

ወጻእተኛታት ኣብቲ ዝጽምበርዎ ሕብረተሰብ ንክወሃሃዱ ትጽቢት ይግበረሎም። ምስዚ ተታሓሒዙ ዝኸይድ፡ ሕግታት ክኽተሉ፡ ቁጠባዊ ትሕዝትኦም ብገዛእ ርእሶም ከማዕብሉን ሓደ ካብ ወግዓውያን ቋንቋታት'ቲ ዘለውዎ ከባቢ ክመሃሩን ይግደዱ።

## መሰረታውያን መምርሒታት

ኩሎም ነበርቲ ስዊስ፡ ንቅዋም መንግስቲ ክኽብሩ ይግባእ። (ንኣብነት ማዕርነት ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን) ንዝኣመሰለን ካልእን ሕጊ ክግዝኡ ኣለዎም። ብተወሳኺ፡ ብዝተኽእለ መጠን ነበርቲ ብቁጠባ ነብሶም ክኽእል ትጽቢት ይግበረሎም። ብተመሳሳሊ፡ ወጻእተኛታት ነበርቲ ስዊዝ ወግዓዊ ቋንቋ ዝነብረሉ ከባቢ ክመሃሩን ክፈልጡን ይግደዱ። ምውህሃድ ክዕወት ትጽቢት ዝግበረሉ፡ ክልቲኦም ወገናት ጻዕሪ ወይ ንጥፈት ምስዘካይዱ እዩ። ስለዚ'ዩ ድማ ዜጋታት'ዛ ሃገር ግሉጽነት ክህልዎም ብወጻእተኛታት ትጽቢት ዝግበረሎም።

## ውልቃዊ ሓላፍነት

መንግስቲ፡ ካንቶንን ምምሕዳር ከባብን ኣብ ከባቢኦም ዝነብሩ ወጻእተኛታት፣ ብስሩዕ ተጠቀምቲ ቁጠባዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን ምኽኖም የረጋግጹ ። ወጻእተኛታት ነበርቲ'ቲ ከባቢ ዝኾኑ ከኣ ናይ ገዛእ ርእሶም ሓላፍነት ወሲዶም ንክወሃሃዱ ክጽዕቱ ኣለዎም። ነቲ ዝወሃቦም ኣቕርቦት ወይ ዕድል ብዝግባእ ክምዝምዝዎን ክረብሑሉን ኩሎም ሰብ መዚ ትጽቢት ይገብሩ።

## ተሳትፎ ኣብ ማሕበራዊ ህይወት

ክለባት ወይ ማሕበራት ስዊዘርላንድ ምስ ሕብረተ ሰብ ንክትውህሃዱን ሰባት ክትላለዩን ጽቡቕ ዕድል ይፈጥራ። ብተወሳኺ ኣብ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ዝግበር በዓላትን ኣጋጣሚታትን ሰባት ንኽትረኽቡ ንክትላለዩን መንገዲ ይኸፍታ። እንተኾነ ኩሎም ነበርቲ ስዊዝ ምስ ናይ ወጻኢ ባህልን ልምድን ሌላ ንኽህልዎም ዘለዎም ድልየት ሓደ ኣይኮነን። ስለ'ዚ ሓደሓደ ግዜ ምቕሉል ምኳንን ዘይምሕላልን የድሊ።

## ሓበሬታ/ ደገፍ

ኣብ ካንቶን በርን ንሓደስቲ ሰፈርቲ ሐበሬታ ዝህቡ መወከሲ ቦታታት/ንቁጣታት ኣለዉ። ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ እቲ ኣብ ቀዳማይ ቦታ ዝስራዕ'ዩ። ብተወሳኺ ብፍሉይ ንስደተኛታት ሓበሬታ ዝህቡ መወከሲ ቦታታት ኣለዉ። ኣብ ካንቶን በርን ኣርባዕተ መወከሲ ቦታታት ወይ ንቁጣታት ምውህሃድ (Ansprechstellen Integration | antennes d'intégration) ኣለዉ። እዚኣቶም ብዛዕባ ናብራ ስዊዝ ሓብሬታ ይህቡን ካልእ ዝተፈላለየ ሕቶታት ይምልሱን። ቋንቋ ጀርመን ወይ ፈረንሳ ክዛረቡ ዝኽእሉ ተርጐምቲ ከምጽኡ ይኽእሉ ወይ ክቕረቡሎም ይሓቱ። እዞም መወከሲ ቦታታት ብኻልኦት ቋንቋታት'ውን ሓበሬታ ይህቡ'ዮም።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/language-and-integration/integration